# ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)

National Congress of Great Tigray

ቁፅሪ ብ/ባ/ዓ/ት/147/2014
ዕለት 04/01/2014

ናብ ሴንትራል ኮማንድ ትግራይ

መቐለ፣

ዋኒኑ፦ ፍሉይ ትኹረት ኣብ ዝደልዩ እዋናውን ወሰንትን ጉዳያት ቅልጡፍ መፍትሒ ክውሰድ ፃውዒት ምቕራብ ይምልከት፡፡

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ወሪዱ ዘሎ ከቢድን መሪርን ዓፀቦ ንምምካትን ብቃልሱ ብሄራዊ ረብሓታቱ ንምርግጋፅን ዓሊሙ መሪር ህዝባዊ ኲናት የካይድ ኣሎ፡፡ ፀላእቱ ካብ ዘፃወዱዎ መሃሙኞ ጥፍኣት ወፂኡ ባህግታቱ ብዘላቕነት ኣብ ልዑል ብራኸ ንምትካል ብስምረት ይቃለስ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፣ ጀጋኑ ተደራራቢ ቃልሲ ዝኸፍሉ መራሕቲ ሰራዊት ትግራይ፣ ንዓለም ዘደምም ዘሎ ብሉፅን ጅግናን ሰራዊት ትግራይ ብዝገብርዎ ዘለዉ ዝተዋደደ ቃልሲ ዓወታት እናተመዝገቡ ፀኒሖም፤ ሐዝውን ፍሉያት ቅያታት ይምዝገቡ ኣለዉ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ፥ ዘለናሉ እዋን ካብቲ ልሙድ ዝተፈለየ ከምዝኾነ ምርዳእ የድልየና፡፡ ስለዚ ዘለና ሓይሊ ሰብ፣ ፍልጠትን ብልጫታትን ብምውሃሀድ ፍሉይ ታሪኽ ክንሰርሐሉ ዝግባእ እዋን እዩ፡፡ ብወታደራዊ መዳይ ዝምዝገቡ ዘለዉ ዓወታት ዓቂብና ዘላቒ ብሄራዊ ረብሓታትና ንምርግጋፅ፣ ስምረትን ሓድነትን ህዝብና ዝበለፀ ኣጠናኺርና ቃልስና ሙሉእ ንምግባር፣ ኣብ ልዕሊ ፀላእትና ዝዛየደ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ፀብለልታ ንምሓዝ ዝግበሩ ዘለዉ ፃዕርታት ዝምስገኑን ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ዝግበኦም ከምዝኾነን ንርዳእ፡፡

ብኻሊእ መዳይ ከም ውድብ ኣብዚ ፈታኒ እዋን ፍሉይ ትኹረት፤ ህፁፅ ፍታሕን መእረምታን ክግበረሎም ይግባእ ኢልና ዝገምገምናዮም ወሰንትን እዋናውን ጉዳያት፣ ዝረአዩ መግለፅታቶም፣ ክግበር ይግባእ ኢልና ዘቕመጥናዮ መፍትሕታትን ዝሓዘ 10 ገፅ (ዓሰርተ ገፅ ) ሰነድ ምስዚ መሰነይታ ደብዳቤ ኣተሓሒዝና ከምዝላኣኽና እናሓበርና ሴንትራል ኮማንድ ትግራይ፣ መራሕቲ ሰራዊት ትግራይን ካልኦት ብኣድራሻ ዝተሓበሩ ዝምልከቶም ኣካላትን ድማ ነዞም ሓሳባት እዋናውነቶምን ኣገዳስነቶምን ኣብ ግምት ብምእታው ቅልጡፍን ኣድማዕን መፍትሒ ንክውሰድ ፃዕሪ ክገብሩ ፃውዒትና ነቕርብ፡፡

* *ኣብዞም ዝተልዓሉ ጉዳያት ተወሳኺ መብርሂ እንተድኣ ደልዮም፣ ብኣካል ቀሪብና ሓሳባትና ንፁር ክኸውን ንምግባር ፍቓደኛታት ከምዝኾንና ክንገልፅ ንፈቱ፡፡*

ስሙርን መሪርን ቃልሲ፣ ንምግሃድ ሃገረ ዓባይ ትግራይ!

ቅዳሕ

- ንኩሎም ኣዘዝቲ ሰራዊት ትግራይ

ዶ/ር ፀጋዘኣብ ካሕሱ ኣሰፋ
ኣቦ-መንበር ብሄራዊ ባይቶ
ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)

ምስ ሰላምታ

ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)

ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ ብልፅትን ብሄራዊ መንነታ ዝሓለወትን ሃገረ ዓባይ ትግራይ ምህናፅ እዩ!!

Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com

መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

# ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)

## ፍሉይ ትኹረትን ቅልጡፍ ፍታሕን ዝደልዩ እዋናውን ወሰንትን ጉዳያት

ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
National Congress of Great Tigray

ጳጉሜን ፳፻፲፫ ዓ/ም

መቐለ፣ ትግራይ



ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

## መእተዊ

ፀላእትና ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ንምጥፋእ ንዘበናት ማእለያ ዘይብሎም ግፍዕታትን ወፍርታትን ኣካይዶም እዮም:: በብእዋኑ ኣብ ልዕሌና ዝኣወጅዎ ግፍዕን ዘውረድዎ መከራን ድማ ኣብ ከቢድ ዓፀቦን ሃሰያን ከንነብር ገይሩና:: እዚ ሕሉፍ ታሪኽም ከዕግቦም ስለዘይከኣለ ኣብ ዝሓለፉ 9 ኣዋርሕ በብኩርንዑ ዘለዉ ደመኛታትና ትልሞምን ጉልበቶምን ናብ ሓደ ብምውሃድ፣ ብዝተዋደደ ከይዲ ንዘበናት ዝፀንሐ ባህጎምን ድሌቶምን ንምፍፃም ቅሉዕ ወራር ኣዊጆም እዮም:: ነዚ ስዒቡ ድማ ብኣማኢት ኣሽሓት ህዝብና ሂወቱ ስኢኑ፣ ከንድኡ ዝኣክል እውን ንዘላቒ ኣካላዊ ማህሰይቲ ተሳጢሑ:: ገጠራትን ከተማታትን ብዝበፅሐን ጉድኣት ምኽንያት ብሚልዮናት ዝቑፀር ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ዓድን፣ ናብ ጎረባብትን ተሰዲዱ እዩ::

ብፍላይ ድማ ውርሲ ምኒሊክን ጃንሆይን ንምዕዋት ዝተግሁ ናይ ታሪኽ ደመኛታት ፀላእቲ ኣምሓሩ፣ ኣብ ልዕሊ ልበወለድ ሮማውነትን ዓረባውነትን ዝቕመ ኤርትራዊ መንነት ምስ ርእዮተ-ዓለማዊ ድሌቱ ኣወሃሂዱ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ንብለልነቱ ንምዕዋት ላዕልን ታሕትን ዝብል መንግስቲ ኤርትራ ብሓደ ኮይኖም ትግራዋይ መንነት ካብ ምድረ-ገፅ ንምጥፋእ ዘለዎም ዕላማ ጋህዲ ንምግባር ንትግራይ ኣብ ዓንኬል ኣእትዮም ብጥሜትን ብቁምቡላን ንምውዳእ ዘይፈፀምዎ ጉድ የለን:: ትግርኛ ዝዛረብ ይኹን ናይ ትግራዋይ ዘርኢ ዘለዎ ፍጡር ኩሉ ዓሌቱ እናተቖፀረ ከቕተልን ተገይሩ እዩ:: ኣብ ትግራይ ኣሎ ዝተብሃለ ሃፍቲ መንግስትን ውልቀን ተወሪሩ፣ ዓንዩ፣ ተቓፂሉ እዩ:: ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ትካላት ኩሎም ዓንዮም:: ትግራይ ዋጋ ዘይብላን ዘይትበሃግን ክትከውን፣ ትግራዋይ እውን ዝኽኣልዎ ቐቲሎም ዘይከኣልዎ ድማ ብስነ-ልቦናን ብቑጠባን ኣዳኺሞም ሰንሰን ኢሉ ክግዛእን ብኸይዲ ሓቑቑ ክጠፍእን ኩለመዳይ ኲናት ኣካይዶምልና እዮም:: እኖታትን ጎራዙን ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ደፊሮም፣ ማሕበራዊ ክብርታትን መንነታዊ ሃፍትታትን ክዓንዉ ተገይሮም:: ሃፍቱን ንብረቱን ወሪሮም፣ ትካላት ጥዕናን መድሓኒትን ዘሪፎም እናሃለዉ ትግራዋይ ብጥሜትን ሕማምን ክሃልቕ ካብ ዘለዎም ባህጊ ሓገዝ ወሃብቲ ሃገራትን ትካላትን ዘቕርብዎ ሓገዛት ናብ ትግራይ ከይኣቱ ክሳድ ሓኒቖም ይቃለሱና ኣለዉ::

እዞም ፀላእትና ዓቕሚ እንተረኺቦምን እንተኾይኑሎምን ባህጎም ክሳዕ ኣበይ ከምዝበፅሕ ዝተዓዘበ ህዝብና ድማ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ኣንፃር እዞም ደመኛታት መሪርን ከቢድን ቃልሲ ኣካይዱ እዩ:: ኣብ ገጠርን ከተማን፣ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ወፃእን፣ ኣብ ኩሉ ዕድመ ዘሎ ትግራዋይ፣ ጀጋኑ ክልተን ልዕልኡን ቃልስታት ዝኾኑ ጀነራላትን ወታደራዊ መራሕትን ዝኣልይዎ ሰራዊት፣ ከም ሓደ ሰብ ሰሚሩን ተናቢቡን ሓሪኑ ተቓሊሱ:: ብሕራነን ብወነን ፀኒዑ ኣንፃር ፀላእቱ ዝወፈረ ህዝብን ሰራዊትን ብዘካየድዎ መሪር ተጋድሎ ዳርጋ መብዛሕትኡ ክፋላት መሬትና ሓራ ኮይኑ፣ ቃልስና ኣብ ጓ3 ፀላእትና ኮይኑ ይርከብ:: በዚ ኣጋጣሚ ድማ ከም ተጋሩ ነዚ ቃልሲ ብዝመርሑ ወታደራዊ መራሕቲ ኣያታትናን ኣብዚ ቃልሲ ስቓዩን ቃንዝኡን ንውሽጢ ውሒጡ ልዑል ዋጋ ዝኸፈለን ዝኸፍል ዘሎን ተባዕን ጅግናን ህዝብና ኩርዓት ይስመዐና:: ንቐፃሊ እውን ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ብዘላቕነት ኣብ ዝበለፀ ፀፍሒ ንምንባርን **“ሃገረ ዓባይ ትግራይ”** ንምምስራትን ኣብ ዝግበር ቃልሲ ኣድላይ ዘበለ ኩሉ ከነበርከት ኢና::

ባይቶና ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ህዝቢ ከም ህዝቢ ንምጥፋእ ኣብ ልዕሌና ዝተኣወጀ ኩለመዳይ ኲናት ንምብርዓንን ዓቕሚ ፀላእቲ ሰይርካ ኣሸኒፍካ ንምውፃእን ዝተገበረ መሪር ህዝባዊ ቃልሲ ብዋናነት ሰራዊት ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ተናቢቦም ዝመርሕዎን ዘካየድዎን እዩ ኢሉ ይኣምን:: ድሕሪ ሕዳር 30/2013 ዓ/ም ዝኾነ ውድብ ይኹን መንግስቲ ዝመርሖ ቃልሲ የለን:: ንኣብነት:-

* ካሊእ ይትረፍ ካብ ቀሊል ክሳብ ከቢድ ናይ ደጀን ስራሕቲ፣ ናይ ቀለብን መድሓኒትን ቀረብ፣ ናይ ሓበሬታን ፕሮፖጋንዳን ስራሕቲ ዝሰርሖም ህዝብና ብወለንትኡ ብዝፈጠሮም ውዳበታትን ብውልቀን እዮም::



ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት “ሃገረ ዓባይ ትግራይ” ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

* መንእሰይ ትግራይ ናብ ቃልሲ ዝወሓዘ መንግስቲ ብመሓውሩ ቀስቂሱን ኣእሚኑን ዘይኮነስ ግፍዒ ፀላእትና መሪርዎ፣ ሂወቱን ሂወት ህዝቡን ኣብ ሓደጋ ከምዝኾነ ተረዲእዎ፣ ኣንፃር መንነቱ ዝተሰለፉ ሓይልታት ከምዘይድቅሱ ብምግንዛቡ እዩ፡፡
* መራሕቲ መንግስቲ ቅድሚ ህዝቢ ፈሪሶምን ገሊኦም ድማ ከዲያምን ዓዲ ብዘይ መራሒ ኣትሪፎምዋ፡፡ በዚ መሰረት ድማ ሰራዊትና ዝምረሐሉ ምእኹል ወታደራዊ ዶክትሪን ኣይነበረን፡፡ እዚ ዝተረድኡ ወታደራዊ መራሕቲ ትግራይ ድማ ትግራይን ተጋሩን ንምድሓን ንቃልሲ በብዝምችዎም ቦታ ኮይኖም ዝፈጠርዎም ሰራዊትን ኣርምታትን መሪር ቃልሲ ኣካይዱ እዩ ናብዚ ዓወት ኣብቂዑና፡፡

ስለዚ ኣብቲ ዝነበረ ቃልሲ ይኹን ዝተረኸበ ዓወት ሞሳን ኣፍልጦን ዝግበኦም ነባራት ተጋሩ መራሕቲ ሰራዊት፣ ሰራዊት ትግራይን ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን ኮይኑ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝተቓለሰ ህዝቢ ትግራይን ጥራሕ እዮም፡፡

ይኹን እምበር ኣብዚ ጉዳይን ካልኦትን ኣድሂቦም ብተቓራኒ ዝንጸባረቑ ሓሳባትን ተርእዮታትን ንዕዘብ ኣለና፡፡ ብፍላይ ስርዓተ-መንግስቲ ትግራይ ናብ ቦትኡ ምምላሱን ቃልሲ ሰራዊት ትግራይ መጥቃዕቱ ናብ ጎረቤት ከባቢታት ምስፍሑን ስዒቡ ኣብ ዘሎ እዋን ዓወትን ሞሳን እዚ ቃልሲ ምሽማይ፣ ትካላት ካብ ከኾንኡ ዝግበአን ነፃ ኣቃውማ ወፃእ ንፖለቲካዊ ረብሓኻ ከበሃል ንምጭዋይ ምፍታን፣ ትግራዋይ ራእይን ዕላማን ዘይብሉ ናይ በለፅ ዝመስል ጉዕዞ ምኻድ ዝኣመስሉ ጉዳያት ብሰፊሑ ይርአዩ ኣለዉ፡፡

ከም ባይቶና እዞም ጉዳያት ኣድሂብና ከም ውድብ ዘለና ቅዋም ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ክፈልጦን ብእዋኑ ክእረሙ ዘለዎም ክእረሙ፣ ንቑፃሊ ክስርሑ ዝግበኦም ድማ ከም ተጋሩ እናተሓባበርናን ስምረትና ኣጠናኺርናን ክንቅፅል ብዘኽእል ኣግባብ ኣቕሪብና ኣለና፡፡

## 1. ሴንትራል ኮማንድ ዝምልከት

ጥቅምቲ 25/2013 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተኣወጀ ቅሉዕ ወራር ስዒቡ ነዚ ንምምካት ዘሎ ዓቕሚ ኣዋዲድካ ብግቡእ ንምጥቃም፣ ኣድላይ ዘበለ ሰብኣውን ንዋታውን ድጋፋት ንምምላእ፣ እቲ እዋን ዝጠልቦ ምድላዋት ንምውጋን፣ እቲ ዝካየድ ህዝባዊ ቃልሲ ብምእኹልነት ንምምራሕን ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል ክህሉ ግድን ከምዝኾነ ይኣምን፡፡ ሴንትራል ኮማንድ ትግራይ ብዋናነት ነዚ ክመርሕ ተባሂሉ ዝተጣየሸ እንትኸውን ምስቲ ዝነበረ ከቢድ ኩነታት ተኣሳሲሩ እዚ ትካል ኣብ ቤት ምኽሪ ትግራይ ሕጋዊ ኣፍልጦ ኣይተውሃቦን ፀኒሑ፡፡ ሰነ 21/2013 ዓ/ም ስርዓተ-መንግስቲ ናብ ስሩዕ ተግባሩ ምስተመለሰ እቲ ሕዳር 2013 ዓ/ም ከወፅእ ተሓሲቡ ዘይፀደቐ " ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምሕላውን ሉኣላውነትና ናብ ዝነበሮ ንምላስን ዝወፀ ድንጋገ ህፁፅ እዋን " ዝብል ኣዋጅ ሓምለ 17/2013 ዓ/ም ኣብ ዝተፀውዐ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ትግራይ ክፀድቕ ተገይሩ፡፡

ይኹን እምበር ውድብና ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ ( ባይቶና) ኣብዚ ተጣይሹ ዘሎ ሴንትራል ኮማንድ ዘለና ርኢቶ

i. እቲ መጣየሺ ኣዋጅ ነቲ ሐዚ ዘሎ ህሉው ኩነታት ትግራይ፣ ቀፃሊ ባህግታት ትግራይ፣ ሐዚ ዘሎን ንቑፃሊ ክህልወና እንደልዮን ቁመና ሰራዊት ትግራይ ኣብ ግምት ዘየእተወ ስለዝኾነ ደጊምካ ክርኣን ከመሓየሽን

ii. እዚ ሴንትራል ኮማንድ ዝጣየሸ ብርእሰ ምምሕዳር ዘይኮነስ ብቤት ምኽሪ ክኸውን፤ (ኣንቀፅ 6፤ 1 ዝምልከት)

iii. ተፀዋዕነቱ እውን ንቤት ምኽሪ ትግራይ ክኸውን እናተገብአ ንሓደ ውልቀ ሰብ (ናይ ሓደ ውድብ ኣቦ ወንበር) ክኸውን ዝተገበረሉ ኣግባብ ዘተሓሳስብ እዩ፡፡ (ኣንቀፅ 6፤ 1 ዝምልከት)

iv. በዝሕን ተዋፅኦን ኣባላት ሴንትራል ኮማንድ ክውሰን ዝግበኦ ብርእሰ ምምሕዳር ዘይኮነስ በቲ ቤት ምኽሪ ክኸውን ኣለዎ ንብል፡፡ (ኣንቀፅ 6፤ 2 ዝምልከት)



ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፤ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

v. እቲ ሀዚ ዘሎ ሴንትራል ኮማንድ ናይ ሓደ ውድብ ስራሕ ፈፃሚ ኣባላት ዝዓብለልዎ ጥራሕ እንትኸውን፣ ረብሓን ፖለቲካዊ ባህግን ትግራይ ዘይኮነስ ናይ ሓደ ውድብ ረብሓ ንምኽባር ዘገልግል ወታደራዊ ክንፊ ክኸውን ዝገብር እዩ፡፡ ስለዝኾነ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ናይ ሓይሊ ስብ፣ ፍልጠት፣ ሃፍቲ፣ ወታደራውን ፖለቲካውን ዓቕምታት ፀንቂቕካ ንምጥቃም ዘኽእል ሓቋፊ ኣቃውማ ስለዘይብሉ ክስተኻኸል

vi. ስልጣንን ተግባርን ሴንትራል ኮማንድ ዝምልከት (ኣንቀፅ 7) ካብ ንኡስ ኣንቀፅ 1 ክሳብ 7 ዘለው ጥራሕ ክኸውን ፡፡ እዚ ማለት ምስ ህንፀትን ምዕባለን ሰራዊት፣ ምምስራትን ምምራሕን ሓይሊ ምክልኻል ትግራይ፣ ምምራሕን ምክትታልን ወፍርታትን ተግባራትን፣ ምደባን ህንፀትን መራሕቲ ሰራዊት ዝምልከት ጥራሕ ክኸውን ይግባእ ንብል፡፡ ምኽንያቱ እዚ ኣዋጅ ትግራይ ንዋና ከተማና ሓዊሱ ዳርጋ ሙብዛሕትኡ ከባብታት ሓራ ኣብ ዝወፀሉ እዋን ዝጸደቐ ስለዝኾነ ሕዳር 2013 ዓ/ም እናሓሰብና ተወሲኾም ዘወሃብዎ ሓላፍነታት ብኣግባቡ ከረአዩ ሓሳብ ኣቕሪብና ኢና፡፡ ማሕበረ ኢኮኖሚ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይን ዲፕሎማስያዊ ስራሕትን ዝምልከቱ ጉዳያት ካልኦት ትካላት (ኣካላት) ክመርሕዎን ክከታተልዎን ይግባእ ንብል፡፡

vii. ባይቶና እዚ "ሴንትራል ኮማንድ" ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ዝተኣወጀና ኩለመዳይ ኲናት ንምምካት ዝቖመን ንኹሉ ወታደራዊ ምንቅስቓስ ትግራይ ዝመርሕን ስለዝኾነ፣ ኩሉ ወታደራዊ ጉዳያት ብዝምልከቶም ወታደራዊ ሰብሞያን መራሕቲ መንግስትን ጥራሕ ክምራሕ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን፡፡ ስለዚ ተዋፅኦ ኣባላት እዚ ሴንትራል ኮማንድ ብዝምልከት ድማ

- ✓ ርእሰ ምምሕዳር ትግራይ
- ✓ ዝምልከቶም ወታደራዊ ኣዘዝቲ ( መራሕቲ) ጥራሕ ኣባላት ዝኾንሉ ትካል ክኸውን ኣለዎ ይብል፡፡

ኣብ መወዳእታ ሴንትራል ኮማንድ ትግራይ እዞም ምምዕርራያት ብምግባር እቲ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ህዝባዊ ክኸውንን ናይ ኩሉ ትግራዋይን ተጋሩ ትካላትን ሓሳባት ዝስመዐሉ መድረኻት ክፍጠር ይግባእ ንብል፡፡

## 2. <u>ስሙር ብሄራዊ ባይቶ</u> ወይ ድማ <u>ስሙር ብሄራዊ ካውንስል</u> ዝምልከት

ባይቶና እቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኩሉ ህዝቢ ዝተሳተፈሉ ህዝባዊ ቃልሲ ስለዝኾነን ዘለናሉ ህሉው ኩነታት ድማ ካብቲ ልሙድ እዋን ዝተፈለየ ሓድነት፣ ፖለቲካዊ ግምገማ፣ ኣሳታፋይ መድረኻትን ቁራፅነትን ከምዝደሊ ንኣምን፡፡ እዚ ንምትግባር ጎናጎኒ እቲ ሴንትራል ኮማንድ ፡-

- ✓ መንግስቲ ትግራይ
- ✓ ብሄራውያን ውድባት ትግራይ
- ✓ ኣዘዝቲ ሰራዊት ትግራይ
- ✓ ትካላት ሃይማኖት
- ✓ ሲቪክ ማሕበራት
- ✓ ሙሁራን ትግራይ
- ✓ ዩኒቨርስታት ትግራይ
- ✓ ዳያስፖራ ትግራይ

ዘሳተፈን ዝተወከሉሉን ንፖለቲካዊ፣ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ጉዳያት ዝመርሕ <u>"ስሙር ብሄራዊ ባይቶ ወይ ድማ ስሙር ብሄራዊ ካውንስል"</u> ክጣየሽ ይግባእ ንብል፡፡ እዚ ዝጣየሽ ካውንስል ካብቲ ወታደራዊ ጉዳያትን ቢሮክራሲያዊ ስራሕትን ወፃኢ ዘለዉ ወቕታዊ ጉዳያት ይትንትን፣ መፍትሒ የቐምጥ፣ መፃኢ ኣንፈት ትግራይ ይንፅር፡፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ካውንስል ድማ ነዞም ዝተወከሉ ኣካላት ዝሓቑፉ፡



ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

- ✓ **ፖለቲካ ክፍሊ** (ኣዋናውን መፃእን ፖለቲካዊ ኩነታት ዝግምግም፣ ዝትንትን፣ ዕላማን ኣንፈትን ቃልሲ ዝንፅር፣ መፃኢ ፍኖተ ካርታ ትግራይ ዝነድፍ)
- ✓ **ዲፕሎማሲ ክፍሊ** ( ንቲ ቃልስን ፖለቲካዊ ኣንፈትን ዝምጥን ዲፕሎማሲያዊ ኣንፈት ዘቐምጥ፣ ዲፕሎማሲያዊ ቃልሲ ዝመርሕ)
- ✓ **ማሕበረ-ኢኮኖሚ ክፍሊ** (ምስቲ መንግስታዊ መሓውር ኮይኑ ማሕበረ-ኢኮኖሚ ትግራይ ዘነቓቕሕ፣ ንቃልስና ዝምጥን ናይ ሓይሊ ሰብን ሎጂስቲክስን ቀረብ ዘማልእ፣ ምጣነ-ሃፍታዊ ፍኖተ ካርታ ዘዳሉ)
- ✓ **ዘተን ድርድርን ክፍሊ** (ፖለቲካዊ፣ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ረብሓታትን ድሌታትን ትግራይ ዝምልከት ዝግበሩ ዘተታትን ድርድራትን ዝመርሕ፣ ንትግራይ ወኪሉ ዝደራደርን ዝዝትን)
- ✓ **ሪፈረንደም ክፍሊ** (ኮሚሽን ህዝበ ውሳነ ንምጥያሽ ዘኽእሉ ስራሕቲ ዘሳልጥ፣ ስራሕቲ ህዝባዊ ምልዕዓልን ምንቅቓሕን ዘመቻቹ፣ ኣንፈት ህዝበ ውሳነ ትግራይ ትልሚ ዘቐምጥ) ዝበሃሉ ክፍልታት ይህልውዎ::

## 3. ክፍሊ ዘተን ድርድርን ዝምልከት (Negotiation)

ባይቶና ትግራይ ሐዚ ኣጋጢምዋ ዘሎ ኩለመዳይ ፈተናን ምዕራፍ ቃልስን ብባህሪኡ ይኹን ብዝጠልቦ ግብረ-መልሲ ፍልይ ዝበለ እዩ ኢሉ ይኣምን:: ነቲ ፀገም ብግቡእ ተረዲእኻ፣ ንዕኡ ዝምጥን ዓቕምን መሓውርን ፈጢርካ ኣድማዒ ስጉምቲ ንምውሳድ እውን ከም ተጋሩ ካብቲ ልሙድ ዝተፈለየ ኣረዳድኣን ሓድነትን የድልየና ድማ ንብል:: ብዛዕባ ትግራይ ዝውሰኑ ዝኾኑ ይኹኑ ጉዳያት ሓደ ውድብ በይኑ ዝውድኦምን ንዕኡ ጥራሕ ዝግደፉን ኣይኮኑን:: ፀገም ትግራይ ኣብ ምሽካም፣ ምእንተ ትግራይ ኣብ ምሟት ቅድሚት ዝተሰለፈ ትግራዋይ ኩሉ ብዛዕባ መፃኢ ዕድልን ረብሓታትን ትግራይ ክመክር ኣለዎ፣ ክዝቲ ኣለዎ፣ ሰሚሩ ኣንፈት ክቐምጥ ኣለዎ::

በዚ መሰረት ኣብ ትሕቲ እዚ *"ስሙር ብሄራዊ ባይቶ ወይ ድማ ስሙር ብሄራዊ ካውንስል)"* ዝቖውም *ክፍሊ ዘተን ድርድርን፡*

- ✓ *መንግስቲ ትግራይ*
- ✓ *ብሄራውያን ውድባት ትግራይ*
- ✓ *ኣዘዝቲ ሰራዊት ትግራይ*
- ✓ *ፅዕንቶ ፈጠርቲ ሙሁራን ትግራይ* ዘካተተ ይኸውን ::

እዚ ክፍሊ ድማ ኣብ ትሕቲኡ **3** (ሰለስተ) ዓበይቲ ክፍልታት ዘለውዎ ኮይኑ ይቖውም::

**a) ተደራደርቲ (Chief Negotiators)**

- ብስምምዕነት ኣባላት እዚ ካውንስል ዝምረፅ ዓለም-ለኸ ልምዲ፣ ሙያዊ ዓቕሚ፣ ጠንካራ ብሄራዊ ስምዒት ዘለዎም ተጋሩ ዝሓዘ
- ካብተን ኣባል ዝኾና ትካላት ዝሕረዩ ወይ ድማ ብጥቆማ ይቐርቡ::
- ኣብ ዝህልዉ መድረኻት ድርድር ንትግራይ ወኪሎም ይቐርቡ::

**b) ቴክኒካዊ ክፍሊ (Technical Team)**

- ብስምምዕነት ኣባላት እዚ ካውንስል ዝምረፅ ዓለምለኸ ልምዲ፣ ሙያዊ ዓቕሚ፣ ጠንካራ ብሄራዊ ስምዒት ዘለዎም ተጋሩ ዝሓዘ
- ካብተን ኣባል ዝኾና ትካላት ዝሕረዩ ወይ ድማ ብጥቆማ ይቐርቡ::
- ኣብ ዝህልዉ መድረኻት ዝቐርቡ ሓሳባት ሙያዊ መብርሂ ዝህቡ፣ ልምዲ ዘካፍሉ፣ ክንክተሎ ዝግባእ ሜላታት ዝጥቁሙ፣ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማትን መፍትሕታቶምን ኩሎም ዝትንትኑ



ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

c) ሓፈሻዊ መድረኽ ሓሳብ

- እዚ መድረኽ ኣባላት እተን ኣብዚ ክፍሊ ዝተመደባ ትካላት ዝርከብዎ እዩ::
- ኣብቲ ዝግበር ድርድር ክኸውን ኣለዎ ዝብልዎ ሓሳብ፣ ከቕመጥ ኣለዎ ዝበሃል ኣንፈት ብመንፅር ናይ ትካሎም መትከል ወይ ድማ ካብ ልምዶምን ፍልጠቶምን ተላዒሎም ሓሳብ ዘቕርቡሉ፣ ዝከራኸሩሉ፣ ዝመኽሩሉ እዩ::
- ኣብዚ መድረኽ ዝለዓሉ ሓሳባት ብክፍሊ ቴክኒክ ሙያዊ መብርሂ እናተውሃቦም ሙሉእ ቅርፂ ክሕዙ፣ ኣብ መንጎ ተሳተፍቲ ቅቡልነት ክህልዎምን ስምምዕነት ክብፅሖሎምን ይግበር::

ጉዳይ ትግራይ ንኹሉ ትግራዋይ ይምልከቶ:: ንትግራይ ወኪሉ ናብ ድርድር ዝኸይድ ኣካል ድማ ዝበሰለ ሓሳብን ኣንፈትን ሒዙ ክቐርብ ስለዘለዎ ሓቋፊይን ሓሳባት ዝንሸራሸሩሉን ክፍሊ ክኸውን ውድብና ይፅውዕ::

## 4. ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ትግራይ ዝምልከት

ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ትግራይ ካብ ሓምለ 17/2013 ዓ/ም ጀሚሩ ንቀፀልቲ 6 ኣዋርሕ ክትግበር ከምዝፀደቐ ይፍለጥ:: ይኹን እምበር ኣብ ጣብያታትን ወረዳታትን እዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ዘኽእል ናይ ፖሊስን ደሕንነትን መሓውራት ኣብ ዝፈረሱሉ፣ ቤት ፍርድን ናይ ፍትሒ ኣካላትን ኣብ ዘየለውሉ እዋን ዝፀደቐ ስለዝኾነ ምስ ኣፈፃፅማ ዝተተሓሓዘ ብዙሓት ዘስከፉ ተርእዮታት ኣለዉ:: ንኣብነት:-

- ✓ ኣብ ወረዳታትን ከተማታትን ዝተመረፀ ህዝባዊ ውክልና ዘለዎ መንግስታዊ መሓውር የለን::
- ✓ እቲ ኣዋጅ ናይ ፍትሒ ትካላት ኣብ ስለዘየለዉ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ መሬት ተፈፃሚ ኣይኮነን:: እቶም ናይ ፀጥታን ፍትሕን መሓውራት ኣብ ስራሕ ስለዘየለዉ ድማ ህዝቢ ምእኹልነት ብዘይብሉ ናይ ሓራ መሬት ሕጊ እዩ ዝመሓደር ዘሎ
- ✓ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብዘይካ ናይ ቤትምኽሪ ሕጋዊ ኣፍልጦን ካብ ስልጣኑ ወፃእን ቅቡልነት ዘይብሉ፣ ከሳብ ሞት ዘብፅሕን ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎ ናይ ገንዘብ ቅፅዓትን ካልኦትን ይብይን::
- ✓ ቤት ምኽሪ ዘፅደቖ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ኣብ ታሕቲ ተግባራዊ እናተገረበረ ኣይኮነን:: ትካላት ፖሊስ፣ ፀጥታን ደሕንነትን ኣብ ስሩዕ ስራሕተን ኣብዘይፍፀማሉ እዋን ሕጋዊ ኣፍልጦን ፍቓድን ዘይብሎም ኣካላት ሰባት ክኣስሩ፣ ክቕፅዑ፣ ከንገላትዉ ዕድል ይህብ ኣሎ:: ስለዚ ብፍላይ ኣብ ኣናኣሽቶይ ከተማታትን ገጠራትን ትግራይ ስርዓት ኣልቦነት ዝመስል ኣካይዳታት ይሰፍን ኣሎ::

## 5. ምቛም ምምሕዳር ወረዳታትን ከተማታትን ዝምልከት

ከም ዝፍለጥ ብመሰረት ስርዓት መረፃ ኢትዮጵያ ሃገራዊ መረፃ ምስተኻየደ ናይ ወረዳን ካልኦትን ከባብያዊ መረፃታት ድሕሪ 2 ዓመት እዮም ዝካየዱ። በዚ ምኽንያት ድማ ድሕሪ መበል 5ይ መረፃ 2007 ዓ/ም ኣብ 2009 ዓ/ም ክካየድ ዝነበሮ ከባብያዊ መረፃ ኣብቲ እዋን ብዝነበረ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን ቀፂሉ ድማ ለውጢ ስርዓት ብምምፅኡ ካሳብ ሕዚ ከይተኻየደ ፀኒሑ:: እዘን ከባቢያዊ ምምሕዳራት ብመረፃ ካብ ዝጣየሻ 9 ዓመት፤ ድሕሪ 2009 መረፃ ክካየደሉ ካብ ዝግባእ ድማ ዛጊድ 4 ዓመት ኣሕሊፉ እዩ። እዚ ከባብያዊ መረፃ ተወንዚፉ ከሎ እኳ ትግራይ መበል 6ይ መረፃ ኣብ ዝሓለፈ ጳጉሜን 4/2012 ዓ/ም ኣካይዳ እያ። ብስንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘጋጠመ ወራር ኩሎም ምምሕዳራት ወረዳን ከተማታትን ፈሪሶም እዮም::

ድሕሪ ሰነ 21/2013 ዓ/ም ስርዓተ-መንግስቲ ትግራይ ናብ ቦትኡ ምስተመለሰ ግን ናይ ወረዳታትን ከተማታትን ምሕደራ ንምጥያሽ ምንቅስቓሳት ይካየዱ ኣለዉ:: ይኹን እምበር እዚ ዝገብሮ ዘሎ ኣካይዳ ቅቡልነት የብሉን ንብል:: ምኽንያቱ እዚ ከይዲ ነቲ ዘሎ ሃዋህው ኣብ



ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፤ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

ግምት ዘየእተወን ናብ ውሽጣዊ ሕቱኽቱኽ ዘእቱን፣ ረብሓን ሕቶን ህዝቢ ብምርሳዕ ጉጅለኣዊ መሓውርካ ንምድልዳል ዝግበር፣ ናይ ሕጊ መሰረት ዘይብሉን እዩ።

ስለዚ ከም እምነት ውድብ ባይቶና:-

* ህዝቢ ብግዚያውነት ዘመሓድርዎ ኣካላት ብሙሉእ ነፃነት ከመርፅ እናተገበአ ካብ መትከልን ድሌትን ሓደ ውድብ ዝብገስ ማሕንቖ ተቖሚጡሉ ኣሎ:: ንባህግን ዕላማን መሪሕነት እቲ ውድብ ብዝጥዕም፣ ህዝቢ ንምቁራን፣ ዝነበረ መሓውርን ኔትወርክን ከብሩ ከይተነኽአ መሊስካ ንምትካል ምእንቲ ከምቹ ኣመሓደርቲ ንምመራፅ 2 (ክልተ) ዋና መመዘኒ ረቑሒታት ንህዝቢ ቀሪቦም ኣለዉ::
    - ➢ ኣባል ህወሓት ዝኾነ
    - ➢ ዝተጋደለ ዝብሉን እዮም::

እዚ ማለት ዓቕሚ፣ ስነ-ምግባር፣ ብሄራዊ ውግንና፣ ህዝባዊ ቅቡልነት፣ ኣብቲ ቃልሲ ዝነበሮ ኣበርክቶ፣ እቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ዝደልዮ ጠለብ ንምምላእ ዘለዎ ዓቕምን ኣብ ግምት ዘየእተወ፣ ጉጅለኣዊ ጥንካረ ንምርግጋፅን ንሕኽኻለይ ክሓከልካ ጥራሕ ዝምቹን ረቑሒ ስለዝኾነ ቅቡል ኣይንገብሮን::

* ትግራይ ብስርዓትን ብሕግን እትመሓደር፣ ብፍቓድ ህዝቢ ዝግናሓ ትካላት ዝመርሓኣ እምበር ቅልፅምን ስልጣንን ጉጅለታት ዘሸከርከረኣ ክትከዉን ስለዘይግባእ እዚ እዋን ዘምፀአ ፀበባ ተበሊፅካ፣ ህዝቢ ኣብ ሕሱም ፀገምን ፀልማትን እናሃለወ እዚ ከም ጉልባብ ብምጥቃም ዝመስሉኻ ሹመኛታትን ምስለኔታትን ብምቕማጥ ኣብ ማእገር ህዝቢ ንምፅንዓር ዝግበር ፃዕሪ ጠጠው ክብል ንሓትት።
* ከም ሃገር ጠጠው ኢልና ስሩዕ መረፃ ክሳብ ዝካየድ ወይድማ እቲ ከባብያዊ መረፃ ዝግበረሉ ጥጡሕ ባይታ ክሳብ ዝፍጠር ቢሮክራስያዊ ስራሕቲ በቲ ዘሎ ሲቪል ሰርቫንት ክካየድ፣
* ናይ ወረዳን ከተማታትን ምሕደራ ብዝምልከት ድማ ህዝቢ ኣሳታፋይ ብዝኾነ መስርሕን ብግዝያዊነትን ባዕሉ እናመረፀ ዝመሓደረሉ ኣንፈት ክቕመጥን ኣለዎ ንብል።

## 6. ህዝብዊ ኮንፈረንሳት ዝምልከት

ህዝብና ኣብዚ ፀበባ እዋን ዝተኣወጀሉ ኩለመዳያዊ ኩናት ብህዝባውን ፍትሓውን ቃልሲ እዩ መኪትዎ። ካብ ዓበዪ ክሳብ ህፃን፣ ኣብ ደገን ውሽጥን ዘሎ፣ ኩሉ ፆታን ሙያን ብዘካተተ መንገዲ ተዋዲዱ ተቓሊሱ። ኣብ ግንባር ምስ ፀላኢ ክሳድ ንኽሳድ ተሓናኒቑ ዝኣሻሕ ስራዊት ትግራይን፤ ኣብ ዘለዎ ኮይኑ ብሄራዊ እጃሙ ዝተዋፅአ ህዝባን ዝገበሮ ኣበርክቶ ተደሚሩ እዩ ናብቲ ዘለናዮ ብርኪ ተበፂሑ።

ኣብ መንጎ እዚ ብፍላይ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ መወዳእታ ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ተዳልዩ ህዝቢ ከመያየጠሉን ክነቓቐፈሉን ብዝብል ዝወፀ ሰነድ ኣሎ። እቲ ሰነድ ከም ውድብ ዝነበሮ ፀገማት ዝርኤሉ፣ ጥንካረታቱ ዓቂቡ ዝቕፅለሉን ህዝቢ ድማ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ዝነበሮ ጠንካራ ስምረት ዓቂቡ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ብዓወት ንምዝዛም ብዘኽእል መንገዲ ዝተቓነየ ኣይኮነን። ብኣንፃሩ እቲ ሰነድ

- ትግራይን ትግራዋይነትን ኣብ ሓደጋ ኣብ ዘለወሉ፣ ሉዕላዊ መሬትናን ህዝብናን ኣብ ኢድ ፀላእቲ ኣብ ዘለወሉ፣ ህዝብና ብጨካን ሽርሒ ፀላእቲ ጉሮሩኡ ተዓፅዩ ብጥሜትን ብሕማምን ክሃልቕ ኣብ ዝተፈረደሉ፣ ጀጋኑ ኣሕዋትና ኣብ መንጋጋ ፀላኢ ኮይኖም ኣብ ዝኳሽሑሉን ልዑል ሰብኣውን ሎጂስቲክሳዊ ድጋፍ ኣብ ዝጠልቡሉን እዋን፣ ህዝብና ስምረቱን ሓድነቱን ሓልዩ ናብ ዓወት ከበፅሕ ምግባር ኣብ ዘድልየሉ፣ ደው ዝበልናሉ ሃዋህው ውሑስ ኣብ ዘይኮነሉን እዋን ዝግበር ዘሎ በለፀኛ ኣካይዳ ስለዝኾነ



ራእይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፤ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

- ንኣባላትን መሪሕነትን ኣቲ ውድብ ጥራሕ ዘይኮነስ ኩሉ ህዝቢ ክመያየጠሉን ክገማገመሉን ዝተገበረ ስለዝኾነ
- ዝተውሃቦ መንግስታዊ ሓላፍነት ብግቡእ ብዘይምውፅኡ ህዝቢ ንዓፀቦን ውርደትን ዘብቀዐ ውድብ፤ ንጥፍኣቱ ሓላፍነት ኣብ ክንዲ ምውሳድ ፤ ብዘይ መሪሒ ትግራዋይ እምነቱን ሓቦኡን መሰረት ገይሩ ብስምረት ንዝተቓለሰን ዘቃለሰን ህዝቢ A, B, C, D እናበለ ብምኽፋል ትኹረቱ ኣብ ውሽጣዊ ምንኻስን ምጥቑቓምን ከተኩር ዝገበር ምኳኑ
- በረኻ ዝወፀን ዘይወፀን ዝብል ታርጋ ብምልጣፍ ህዝቢ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ብደጀን ዝሰርሖም መስተንከራዊ ጅግንነታት ዋጋ ዘስእን፣ ህዝቢ ተስፋ ከቑርፅን "ቃልሲ ማለት በረኻ ምውፃእ ጥራሕ 'ዩ" ዝብል ዝተጋገየ ትርጉም ዘውሀበን እዩ።
- ብስንኪ ሕመቕን ጉድለት ስትራቴጂካዊ (ኣማኒ) መሪሕነትን ህወሓት ዝተፈጠሩ ሓላፍ ዘላፉት ህዝቢ ኣልዒሉ ክይግምግም፤ ናብዚ መን ኣእትዩና፣ መን እዩ ተሓታቲ ዝብል ከየልዕል ቀዲምካ ህዝቢ ንስንሳቱ ክናቑርን ክስኮንን ንምግባር ዝዓለመ ምኳኑ
- እቲ በፂሑና ዘሎ ውድቀትን ውርደትን ከገጥመና ልዑል ተራ ዝነበሮ ውድብ፣ ንዝነበሮ ናይ ስትራቴጂክ መሪሕነት ስእነትን ብስርውናን ህዝቢ ደፊሩ እንተልዒሉ ድማ ኣይተዓለናን ኔርና፣ ዘራይ በዚሒና ወዘተ ዝብሉ ካብ "ተሓታትነት ዘየድሕኑ" ቃላት ተጠቒምካ ንምሽፋንን ንምድሃልን ዝዓለመ እዩ
- ኣብቲ ዝሓለፈ ናይ መከራ እዋን ቀሊል ዘይበሃል ኣባልን መሪሕነትን እቲ ውድብ ተቐሪሪፁ፤ ብርክት ዝበለ ድማ ከዲዑን መንግስትነት ትግራይ ክፈርስ ናይ ባዕሉ እጃም ነይርዎ እዩ፡፡ ስለዚ እቲ ውድብ ድሕሪ ሕዳር 30 ኣብ ዝነበረ ህዝባዊ ቃልሲ ዝነበሮ ተሳትፎ ውልቀ ሰባት ከም ትግራዋይነቶም ዘካየድዎ ጥራሕ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ እቲ ዝተገብረ ቃልስን ዝተረኸበ ዓወትን ብዝተወደበ መንገዲ በቲ ውድብ ተመሪሑ ከም ዝተዓወተ ኣምሲልካ ንምቕራብን ኣብ ህዝቢ ደንገርገር ብምፍጣር *"ዕዱም ኮይንካ ኣብ ዝመፃኸዮ መርዓ፣ መርዓዊ ኮይንካ ንምቕራብ"* ዝዓለመ ስለዝኾነ
- ህዝብና ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ መሪሑ ኣብዚ ንዙበፀሐ ሰራዊት ንምሕጋዝ ብብዝጥዕሞ ተወዲቡ ወለንታዊ ቃልሲ ኣካይዱ እዩ። ኣካል እዚ ድማ ደጀን ኮይነን ዘድሊ ሎጂስቲካዊ፣ ናይ ሓበሬታን ፕሮፖጋንዳን ተግባራት ብዝተዋደደ ኣገባብ ኩለመዳያዊ ደገፍ ኣብ ምግባር ዝነጥፋ ዝነበራ ናይ ህዝቢ ውዳበታት ልዑል ኣበርክቶ ነይርወን። እዘን ውዳበታት ህዝውን በዚ ንቕሓትን ጥንካረን እንተቐፂለን ንስልጣን እቲ ውድብ ሓደጋ እየን ኢሉ ስለዝኣመነ እቲ ቃልሲ ክይተዛዘመ እዘን ውዳበታት ንምፍራስን ንምብትታንን ብናይ ባዕሉ ልሙድ ጥርናፈ ንምትካእ ፃዕሪ ይግበር ኣሎ። ብተወሳኺ፥ እቲ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ፣ ሃይማኖታዊን ዖታውን ኣፈላላይ ስሚሩን ተዋዲዱን ዝተቓለሰ ህዝባዊ ውዳበታት ብስም ዓርሰ ነቐፌታ፣ በረኻ ዘይምውፃእ፣ " እንታይን ክንደይን " ብዝብል ውልቃዊ ኣበርክቶ ሰባት ብምዕብዓብን ነንርእሱ ከቀሓሓርን ከጠራጠርን ብምግባር ኣብ ክሊ ብሄራዊ ረብሕኡ ዓሲሉ ዝፈጠሮ ስሙር ሓድነት ብምፍራስ ንቕፃሊ ስግኣት ክይኸውን ተሓሲቡ ይስራሕ ኣሎ። መሪሕነት ኣቲ ውድብ ነናይ ባዕሎም መፃኢ ሀረፍ ወንበርን መሓውርን ንምድልዳል ክበሃል ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክይተወደአ ኣብ ጎናዊ ሕቱኽትኹን ዘይምርድዳእን ከኣቱ ዝገበር ስለዝኾነ፡፡
- ባንዳን ገበነኛን ንህዝቢ ትግራይ 2ተ ግዘ ዝሓረዱ ክዳዓት ስለዝኾኑ ናይ ኢዶም ክረኽቡ ከምዝግባእ ዘተሓትት የብሉን። ረብሓን ጥቕምን ህዝቢ ዘሀገረ፣ ህልውና ህዝቡ ንሓደጋ ዘቃለዐ ንውልቀ ረብሓ ክብል ጉድኣት ዘብፅሐ መን እዩ? ዝብል ህዝብና ነጊሩ ይፈልጥ እዩ። እዚ ንምዕራይ እውን ህዝብና ሓበሬታ ዘቕርበሉ ንፁር መስርሕን ኣካይዳን ብምድላው፣ ነዚ ዝከታተል ጠንካራ ናይ ሓበሬታን ድሕንነትን ትካል ብምፍጣር ስሉጥ ተግባር ምፍፃም ይከኣል፡፡ ይኹን እምበር ባንዳ ምዕራይ ዝብል ቅዱስ ተግባር ብምጭዋይ ህዝቢ ነንባዕሉ ከጠራጠር፣ ክጠቃቓዕ፣ ወንጀለኛታት ድማ ተጎዛጉዞም ክሓልፉ ብዝገበር መንገዲ ይስራሕ ኣሎ።




Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

## 7. ሰራዊት ትግራይ ዝምልከት

ኣብ ዝሓለፉ 10 ኣዋርሕ ኣብ ልዕሊና ዝወረደ ግፍዕን መከራን ብቃልሲ ህዝቢን መሪር መስዋእትን ጅግንነትን ሰራዊት ትግራይ፣ ብብሱል መሪሕነትን መርኣያነትን መራሕቲ ሰራዊት ትግራይ በዲህናዮ። ግፍዕን መከራን ዝኸበደ መንእሰይ ትግራይ ምስ ነባራት ጀጋኑ መራሕቲ ሰራዊት ተዋዲዱ ሂወትን ኣካልን ከፊሉ ዓወትና ዓቕብ ኣውፂኡዎ።

ሰራዊት ትግራይ ብቐፃልነት ብሕግን ኣዋጅን ዝቐውም ዓርሱ ዝኸኣለ ነፃ ትካል፣ ብቴክኖሎጂን ሓይሊ ሰብን ዝተማለአ፣ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ኀሊሁ ዝረአ ሓይሊ (East African Super Power) ክከዉን እዩ ባህግና። እዚ ባህግና ጋህዲ ንምግባር ከም ትካል ጠጠው ክብል፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ፅዕንቶን ድሌት ዘለዎ ሓይልን መግልገላይነት ዝረሓቐ ክከዉን ኣለዎ። ኣብዚ እዋን `ውን ዝካየድ ዘሎ ቃልስን ዘለና ሰራዊትን "ምእንተ ምውሓስ ህልውና፣ ምምስራት ሃገረ ዓባይ ትግራይ፣ ብወለንተኡ ዝተደራጀወ ሰራዊት" ስለ ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ተባሂሉ ክፅዋዕ ኣለዎ ኢልና ንኣምን። ይኹን እምበር፡-

- ትካላት ሚድያ ዓለም፣ ዝተፈላለያ ሃገራት ሽም ሰራዊትና እንትፅውዓ "ሰራዊት ህወሓት" ብዝብል ይጥቀማ እየን። እዚ ድማ ብጌጋ ጥራሕ እዩ ኢልና ኣይንኣምንን፡፡ ስለዝኾነ እዚ ኣገላልፃ ሰራዊትና ንዝተልዓለሉ ዕላማን ህዝባዊ ውግንንኡን ስለዘይገልፅ፣ ብፖለቲካዊ ርእዮት ተጎዛጉዝካ ነቲ ሰራዊት ንምውቃዕ ዝደልዩ ሓይልታት ስለዝምችዎምን ዝምልከቶ ኣካል ብፍላይ ሴንትራል ኮማንድ ትግራይ እዘን ትካላት ክእረማ ፃዕሪ ክገብር
- ዝተፈላለዩ ኣመራርሓ መንግስትን ውድብ ህወሓትን ኣብ ዝተፈላለየ እዋን "ሰራዊት ህወሓት" ዝብል ሓሳብ ይጥቀሙ ፀኒሖም፣ እዚ ውን ግቡእ መእረምታ ክግበረሉ
- ሚድያታት ትግራይን ዝተፈላለዩ ሙዚቀኛታትን ኣብ ዝዝርግሕዎ ትሕዝቶታት "ሰራዊት ህወሓት" ዝብል ይጥቀሙ ኣለዉ፣ እዚ እዉን ብእዋኑ ክእረም
- ሰራዊት ትግራይ ምስ ዝተፈላለዩ ዕጥቃዊ ተቓለስቲ ዝገብሮ ምሕዝነት (ንኣብነት ምስ ናይ ኦሮሞ፣ ኣገው፣ ዓፋር ሓይልታት) ንቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዘጎልብት እዩ ኢልና ስለንኣምን ከም ባይቶና ብሙሉእ ልቢ ንድግፎ። ይኹን እምበር እዞም ምሕዝነታት ብስም ሰራዊትና ዝተገበሩ እንተኾይኖም ዝተፈላለዩ ኣካላት ምሳ ንምክፋል ዝገብርዎ ሸበድበድ መልክዕ ክሕዝ ይግባእ። ንኣብነት ሰራዊት ትግራይ ምስ ሰራዊት ነፃነት ኦሮምያ ዝገበሮ ስምምዕነት ስዒቡ
  - ➢ መራሕቲ ሰራዊት ትግራይ እቲ ስምምዕነት ምስ ሰራዊት ነፃነት ኦሮሚያ ከምዝተገበረ ሓቢሮም
  - ➢ ወሃቢ ቃል ሴንትራል ኮማንድ እቲ ስምመዕነት ምስ መንግስቲ ትግራይ ከም ዝተገበረ ሓቢሮም
  - ➢ ቤት ፅሕፈት ምሕዝነት ወፃኢ ትግራይ እቲ ስምምዕነት ምስ ውድብ ህወሓት ከም ዝተገበረ ሓቢሮም
- ውድብና ሰራዊት ትግራይ ናይ ዝኾነ ውድብ መገልገሊ ከምዘይኮነ ንኣምን፡፡ ስለዝኾነ እዞም ዝተዛበው ኣገላልፃታት ክእረሙን፣ ዝምልከቶ መሪሕነት ናይቲ ሰራዊት ( ብፍላይ ሴንትራል ኮማንድ) እቲ ሰራዊት ነፃ ኮይኑ ክቐውም ክገብርን፣ ንሚድያታት፣ መንግስታትን ትካላትን ድማ ምስ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኣይተተሓሕዙኒ ክብል ኣለዎ፡፡




Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

## 8. ኣብ ታዕሊም ሰራዊት ትግራይ ዝወሃብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝምልከት

ሰራዊት ትግራይ ጎናጎኒ እቲ መሰረታዊ ወታደራዊ ትምህርቲ፤ ታሪኽ ዓዱ ክፈልጥን ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ክጉልብትን ከምዝግባእ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ብወታደራዊ ብቕዓቱ ዝተመስከረሉ፣ ታሪኹን ክብርታቱን ጠንቂቑ ዝፈልጥ፣ ዝቃለሰሉ ፖለቲካዊ ዕላማ ዝተረድኦ ብሉፅ ሰራዊት

ክህልወና ድማ ንደሊ። ኣካል እዚ ድማ እቲ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ ንምዕዋትን ብቕፃልነት እውን ዱልዱል ሰራዊት ንምህናፅ መሰረት ዝኾኑ ታዕሊማት እናተካየዱ ፀኒሖም ሐዚውን ይካየዱ ኣለዉ። ኣብዚ ታዕሊም ውሽጢ ካብቲ ዝወሃብ ወታደራዊ ስልጠና ብተወሳኺ "ፖለቲካዊ ትምህርቲ" ብዝብል ዝተዳለወ ሰነዳት ተዓለምቲ ክስልጥንሉ ከምዝግበር ይፍለጥ።

ውድብና ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና) ኣብ ትግራይ ኣብ ዘለዉ ናይ ሰራዊትና ናይ ታዕሊም ቦታታት ዝወሃቡ ፖለቲካዊ ስልጠናታት ክከታተል ፀኒሑ እዩ፡፡ ኣብ መብዛሕቲኡ ኣርምታትና ዝወሃብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡-

- ብተብተብ ዝተዳለወ፣ ዘይተገምገመን ዕምቆት ዘይብሉን
- ፖለቲካዊ ባህግን ስነ-ሓሳብን ውድብ ህወሓት ጥራሕ ዘንፀባርቕ
- ሕገ-ደንቢ እቲ ሰራዊት ዝጥሕስን ውግንና ናይ ሓደ ውድብ ክሕዝ ዝገብርን
- ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዘይኮነስ ታሪኽን ዓወት 30 ዓመታትን ህወሃት ጥራሕ ዘርኢ
- ታሪክ ትግራይ ናይ 50 ዓመት ታሪኽ ጥራሕ ገይሩ ዘቕርብ
- ኣብተን ማእኸላት ታዕሊም ናይ ወረዳን ዞባን ናይ ህወሃት ቤት ፅሕፈት ኣመራርሓ፣ ሓለፍቲ መሰረታዊ ውዳበታት ዝነበሩ ጥራሕ ኣሰልጠንቲ ፖለቲካ ዝኾንሉ
- ፀላእትና ዝወቕዑና ብዘለና ፖለቲካዊ ጎንፂ ምኽንያት፣ ካብ ዘለዎም ናይ መሬት ተስፋሕፋሒ ባህሪ ተላዒሎም፣ ኣብ ትግራይ ብዘመፃእናዮ ልምዓት ቀኒኦም እዮም ዝብል ምስሉይን ዘይቅቡልን ድምዳመ ዝህብ 'ዩ። ፀላእትና ብመንነትና፣ ብታሪኽና፣ ብስልጣንና፣ ብዘለና ናይ ባህጊ ዘይተዓረቕ ጎንፂ ከጥፍኡና ዝተልዓሉ ምዃኑ ኣየርእን።

@ እዚ ንምርዳእ ከም ኣብነት ኣብ ሰራዊትና ካብ ዘለዋ ኣርምታት ናይ ሓንቲ ኣርሚ "መሰልጠኒ ሰነድ ፖለቲካዊ ትምህርቲ" ንመርኣዪ ክኸውን ኣተሓሒዝና ልኢኽና ኣለና፡፡



ራኢይ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፤ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner

በዚ መሰረት፣ ብሰንኪ ዝተለመደ ናይ ፍረጃን ዘይሸወየን ሜላ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ታዕሊም ማእከላት ዘለዉ ሰልጠንቲ "ንምንታይ ንቃለስ ኣለና፣ ታይ ዓይነት ትግራይ ንምህናፅ ኢና ንደሊ ዝብል ትምህርቲ ኣምህሩና ዝበሉን በቲ ትሕዝቶ እቲ ሰነዳት ሕቶ ዘልዕሉን" ዝተፈላለየ ፀቕጢ ይበፅሖም ስለዘሎ ኣብ ተዓለምቲ ኣሉታዊ ተርእዮታት ንርኢ ኣለና። ስለዚ ብቐፃሊ

- ኣብ ኩለን ማእኸላት ዝወሃብ ዘሎ በብ ኣርሚኡ ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ሰነዳት ቀርዩ ብማእኸል ደረጃ ዝዳሎን ሓደ ምእኩል ሰነድ ክህሉ
- ጥንታውን መንነታዉን ታሪኽ ትግራይ ክካተት
- ብቑዓት፣ ካብ ፖለቲካዊ ውግንና ነፃ ዝኾኑ፣ ንሰራዊት መርኣያ ክኾኑ ብዝኽእሉ ኣሰልጠንቲ ክወሃብ
- ተጋሩ ካብ ውድቀትና ክንመሃር፣ ዓወታትና ክንዕቅብ ብዘኽእል መንገዲ ንቕሓት ዝፈጥር ክኸዉን
- ንኻልኦት ተፃባእትና ኣብ ምውቃስ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ተጋሩ ውሽጣዊ ዓቅምና ሰኣን ምውዳብን ፅንቂቕና ምጥቃምን ዝኸፈልናዮ ዋጋ ክንመሃረሉ ብዝገብር ክካተት
- ዘምለጡና ዕድላትን ፀላእትና በዚ ተጠቒሞም ዝተበለፅሎም ጌጋታት ዘርኢ ክኸውን
- ኩለመዳይ ዓቕምታትና ፀንቐቕና ክንጥቀም ዝገብር
- ብሄራዊ ረብሓታትናን ባህግታትናን ብንፁር ዘርኢ
- ፀላእትና ብተደጋጋሚ ንምንታይ የጥቅዑና ዝብል ብግልፂ ዝምልስ ክኸዉን
- ንምንታይ ንቃለስ ኣለና፣ ንምንታይ ንስዋእን ንቕስልን ኣለና ዝብል ንፁር ዕላማ ዘለዎ ክከዉን
- ካብ ጭርሖ ብዝሓለፈ ኣብ ዝጭበጥ ፖለቲካዊ ዓንዲ ዝምስረት ክከዉን ዝኽእል ሰነድ ብምድላው ብቑዕን ድልዱልን ሰራዊት ንምህናፅ ዕውት ክገብር ፃውዒት ንገብር።

ስለዝኾነ ድማ ሴንትራል ኮማንድ ትግራይ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ጉዳያት ትኹረት ሂቡን ብዕምቆት ገምጊሙን ቅልጡፍ መእረምታን ምትዕርራይን ክገብር ባይቶና ፃውዒት የቕርብ፡፡

ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
National Congress of Great Tigray


ራኢ ብሄራዊ ባይቶ ዓባይ ትግራይ (ባይቶና)
ምዕብልቲ፣ ዲሞክራስያዊት፣ ሓያል፣ መንነታዊ ሓድነታን ብሄራዊ ክብርታታን ዝሓለወት "ሃገረ ዓባይ ትግራይ" ምህናፅ እዩ!!
Tel:- +251342405613 Email:- baytona.tigrai@gmail.com
መቐለ፣ ትግራይ Mekele, Tigray

Scanned by CamScanner